# እቶም ብጀክኦም ለባም ዘሎ ዘይመስሎም
# ደቂሶም ከይሓድሩ ብግጥሚ ክንምልሰሎም

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ትሓለቕቲ ዋዕላ እንዳ መሰሉ
ንፍሽለት ዋዕላ ሰፎም ይስሕሉ
ታሓሲሞምዎስ ይብሉ ንሕና ዘይብሉ
ሓሳባቶም መትሓዚ ሲኢናሉ

ካብ ድልየት ህዝቢ ወጺኦም
ምፍላጥ ሲኢንናዮ ሕልሞም
ካብ ጥርናፌ በበይንኻ መሪጾም

ህዝቢ ከየድሓኑ ናብ ስልጣን ኣቓሚቶም
ሓደራን ለበዋን ሰማእታት ረሲዖም
ኣስላማይ እባ ክስታናይ እባ ኣብዚሖም

ህዝቢ ወዲቑ ኮሎ ኣብ ጸበባ
ኣብ ዚሖም ጓል ዘረባ
መሰረታት ሃየ ንቓጻጸሮም እባ
ክነፍርሶ ናይ ዲክታተር እንባ

ጽሑፋቶም ጸረ ዋዕላ
ብዘይ ዋልታ አብዚሖም ደበላ
ንሕና ዘይብላ ዋዕላ
ከም ምስላ አድጊ አነ ዝመትኩላ
ዋላ ዳንደር አይትብቆላ

ሃገር ንኹሉና ሕንቲ ኢ,ያ ትብጻሓና
ህግደፍ ዶ ይኮነን ናይ ሓባር ጸላኢና
ንጠቕሚ መን ሆ ክንብል ተፋላሊና

ዘይንምክቶ ቅልጽምና ኣስሚርና
ከምቲ ሑሉፍ ታሪኽ ኣቦሓጎታትና
ሰስኑ ሽሕን ዋልታን ኩኑ ንበል ሰሚና
መታን እዛ ሃገርና ከይኣትዎ ጓና

ንህግደፍ ንመክቶ ዓቢ ምስ ንኢሸቶ
ክነተግብሮ ናይ ሰማእታትና ሕቶ

ኣብ ርእሲ ዋሕድና ከይንውሕድ
ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ኣይንኺድ
ኣቱም ደቂስኩም ዘለኹም በሉ ብድድ
ንጠቕሚ መን ምውንጃል ሕድሕድ

ሓራስ ነብሪ ወሊዳ እንበር ወዲ
ሕጊ እንዳባ ዘኽብር ወዲ ዓዲ
ወደባት ዝጥርንፈና ኣብ ሓደ ማኣዲ

ኣብ ዋዕላ ይርሓሰና ዝበልዎ ለባማት

*ኣብ ግብሪ ዘውዕል ናይ ህዝብና ድልየት*
*ኣስላማይ ክስታናይ ዝጥርንፍ ብቕጽበት*

*ኣሕጺሩ ናይ ምልኪ ዕምሪ*
*ሓራ ዘውጽእ ካብ ጠለምቲ ሕድሪ*
*ሕድሪ ሰማእታትና ዘተግብር ብግብሪ*

*ህዝቢ ዝዕንግል ብናይ ሃገር ሃብቲ*
*ኣብ ፍርዲ ዘቕርብ ንገበቲ*
*ናይ ዓመጻም ፍርዲ ክቕበሉ መንቲ*

*ምህርቲ ኣይሓፍስን ሓረስታይ*
*ካብ ግራቱ ከይጎልጎለ ጻህያይ*
*ከድሊ እዩ ሳዓዕ ካብ እኽሊ ምፍላይ*

*ዘራጊ ዘይብሉ ክንሰቲ ጽሩይ ማይ*
*ጉዳይ ሃገር ብወጅሂ ሃላይ ዘይምርኣይ*
*ወጊድ ምፍልላይ እንዳልካ ኣስላማይ ክስታናይ*
*ዘላአለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ንሰማእታትና*
*ይቕጽል*